# ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ መጻኢ ጣብያ ቀሊል ባቡር ጃድኪንስ ፓርክ ዝህልዉ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ለውጢታት ዝምልከት ትልሚ ኣብ ምድላው ሓግዘና!

ለካቲት 2024

ክፍሊ መጓዓዚያ ሲያትል (SDOT) ምስ ሳውንድ ትራንዚት (Sound Transit) ብሓባር ብምዃን ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ 2025 ክኽፈት ዝሕሰብ ጣብያ ቀሊል ባቡር ምብራቓዊ መራኸቢ ጃድኪንስ ፓርክ ዝህሉ ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ዝምልከት ትልሚ ኣብ ምድላው ይርከቡ። ኣብ ጥቓ እቲ ጣብያ ዝህልዉ ብመዓልታዊ ተመላለስቲ ዝካየዱ ናይ ምሉእ መዓልቲ መኪና ጠጠው ምባል ተግባራት ንምቕናስ ኣብ ዘኽእል ትልሚ ንሰርሕ ኣለና። እዚ ድማ ካብ መዓልታዊ ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ዝስደድ ካርበን፣ ብኽለት ኣየርን፣ ናይ ትራፊክ/ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ምጨንናቕን ንምቕናስ ዝሕግዝ እዩ። ሽቶና ነበርቲ ኣብ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታ ቀዳምነት ክረኽቡ ንምግባርን ነቶም ናብ ንግዳዊ ትካላት፣ ቤት ጽሕፈታት፣ ቤት ትምህርቲታትን፣ ፓርክታትን ንምብጻሕ ዝመጹ ሰባት ድማ ናይ ሓጺር ግዜ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ኣማራጺታት ምቕራብ እዩ። ብዛዕባ እዚ ፕሮጀክትና ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታና ክትውከስ ትኽእል ኢኻ፡[www.seatle.gov/transportation/judkinspark](www.seatle.gov/transportation/judkinspark) እንተደኣ ዝኾኑ ሕቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ምሳና ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

## እቲ ንሕና ዘቕረብናዮ ትልሚ

- ኣብ ሰሜናዊን ደቡባዊን ሸነኻት I-90 ክልተ ሓደሽቲ ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎም ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት (RPZs) ክህልዉ ዝብል ሓሳብ ነቕርብ ኣለና። ናይ እቶም ምልክታት ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎም ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት (RPZ) ኣብ ጥቓ መንበሪ ገዛውቲ ዝትከሉ ኮይኖም፣ በዚ ድማ ፍቓድ ዘለካ እንተዘይኮንካ፣ መኪና ጠጠው ምባል ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓታት 7 ንጉሆ ክሳብ 6 ድሕሪ ቐትሪ እንተብዘሐ ን 2 ሰዓታት ክኸውን ዝገብሩ እዮም።
- ኣብ'ቶም መንበሪ ዘይኮኑ ገዛውቲ፣ ከም ንግዳዊ ትካላት፣ ቤት ትምህርቲታት፣ ቤተ ክርስትያናትን ፓርክታትን ዝበሉ ቦታታት ካብ 2 ክሳብ 4 ሰዓታት ዝጸንሕ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ገደብ/ወሰናት ክህሉ ዝብል ሓሳብ ነቕርብ ኣለና።
- ሰባትን ኣቑሑን ብቐሊሉ ክጸዓኑን ክወርዱን ንምግባር ዘኽእሉ ሓደሽቲ ናይ ጽዕነት ዘባታት ክነዳሉ ትልሚ ኣለና።



**ኣብ'ዚ ዘለካ ሓሳብ ክንሰምዕ ንደሊ ኣለና!**


ነዚ ትልሚ እዚ ኣብ ምድላው ዘለዉኻ ሓሳባት ክንሰምዕ ንደሊ ኢና። ብኽብረትካ በቲ ዝቐረበ ሊንክ/መላግቦ ወይ ናይ QR ኮድ ተጠቒምካ ሓጺር ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ውሰድ። ነቲ ካባኻ ንረኽቦ ግብረመልሲ ድሕሪ ምግምጋምና፣ ነቲ ትልምና ብምሕዳስ ኣብ ሰመር/ክረምቲ 2024 ህዝባዊ ዋዕላ ክነካይድ ኢና።

https://www.surveymonkey.com/r/JudkinsPark_Parking?lang=ti

ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ JudkinsParkLR@seatle.gov ኢሜይል ክትልእኸልና ወይ ናብ 206-491-9775 ክትድውለልና ትኽእል ኢኻ።

Seattle Department of Transportation

SOUNDTRANSIT




መእተዊ ጣብያ

ፓርክታት

ናይ ጎደና ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ለውጢታት ክግበረሉ ሓሳብ ዝቐረበሉ ቦታ (ሰሜን))

ናይ ጎደና ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ለውጢታት ክግበረሉ ሓሳብ ዝቐረበሉ ቦታ (ደቡብ) r)